# ኣብ ሃገር እንግሊዝ ከተማ ሊድስ ኣገዳሲ ኣኼባ ተኻይዱ

**ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ጨንፈር ዓዲ እንግሊዝ**



ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ዕለት 25 ለካቲት 2007 ካብ ሰዓት 2.00 ክሳብ 5.00 ድ.ቀ ኣብ ዝነበረ ግዜ ዕዉት ኣኼባ ምስ መንእሰያት ኣብ ከተማ ሊድስ ኣካይዱ። እዚ ኣኼባ እዚ ብጻዕሪ መንእሰይ ፍጹም ዮውሃንስን ካልኦት ኣባላትን ዝተወደበ ኮይኑ፣ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርርዓዊ ጉዳያት ብጻይ ኣሰፋው በርሀ ዝመርሖን ክልተ ኣባላት ሽማግለ ጨንፈር ዓዲ እንግሊዝ: ብ/ ኀይቶኦም መብራህቱን፣ ብ/ ሑሰን ዮሱፍን ዝተሳተፍዎ ብትሕዝቶኡ ሃብታም ዝኾነ ኣኼባ ኔሩ።

ብጻይ ኣሰፋው በርሀ መግለጺኡ ዝያዳ፣ መንእሰያት ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘሕልፍዎ ዘለዉ ሂወትን፣ ነዚ ንምቕያር ዘለዎም ታሪኻዊ ሓላፍነትን ዘትኮረ ኔሩ።
ኩነታት ኤርትራ፣  ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወት ህዝቢ ካብ ክፉእ ናብ ዝኸፍአ ይስጋገር ምህላውን እዚ ናይ ዕንወት ጉዕዞ እንተ ዘይተዓጺፉ ናብ መግለጺኡ ዘጸግም፣ ኣዚዩ ዝኸፍአ ኩነታት ክብጻሕ ከምዝኽእል ኣብሪሁ።



መንእሰያት ከም ወረስቲ ናይ ዝጸንሐ ወለዶን ኣረከብቲ ንዝመጽእ ወለዶን መጠን ተራኦም ኣብ ሕብረተሰብ መዘና ዘይርከቦ ኢዩ። እንተኾነ ግን፣ ህሉው ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንተራኦም ዘንጊዑ ዝኾነ ትስፉው መጻኢ ዘይብሎም ኣደዳ ስእነተ-ትምህርትን፣ ሞትን ስደትን ብምግባር፣ ነዚ ዘሎ ወለዶ ጥራይ ዘይኮነስ ንመጻኢ ወለዶ ውን ንድሕረትን ድኽነትን ፈሪድዎ ምህላዉ ብጻይ ኣሰፋው ገሊጹ።

መንእሰይ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዎ ታሪኻዊ ቦታ ብግቡእ ክሰርሓሉን፣ ካብኡ ተጠቃሚ ክኸውንን እምቢ ኣየገልግልን ንኢልዎ ራሕሪሕዎ ዝመጸ መላኺ ስርዓት ብምልጋስ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣብ ሃገሩ ንምትካል ክቃለስ ዝግብኦ ምዃኑ ተገሊጹ። እዚ

ከድምፅ ዝኽእል ድማ ተወዲቡ ብምቅላስ ስለዝኾነ ኣብ ክሊ ይሓይሽ ኢዩ ዝብሎ ውደባ ተጠርኒፉ ኣበርክቶኡ ክገብር ከም ዝግባእ ብሰፊሑ ተገሊጹ።

ብጻይ  ኣሰፋው በርሀ ብዛዕባ እቲ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ 6ይ ጉባኤኡ ዘሕለፎ ውሳኔታት ምስ ተራ መንእሰያት ብምትእስሳር መብርሂ ሂቡ።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንውደባኡ ናብ ኣብ ኣባላቱ ጥራይ ዘይተሓጽረ ሰልፊ ከሰጋግር ክውስን ከሎ፣ ሓደ ካብ ምኽንያታቱ ተራ መንእሰያት ኣብ ቃልሲ ክዓዝዝ ከም ዘለዎ ስለዝተገንዘበ ኢዩ። ብዘይ ገዚፍ ተሳትፎ መንእስያት ናይ ለውጢ ቃልሲ ክዕወት ስለ ዘይክእል ውድብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ነዚ ጉዳይ እዚ ንምዕዋት ዕቱብ ቃልሲ ከም ዘካይደሉ ብጻይ ኣሰፋው ኣብሪሁ።



ድሕሪ ሰፊሕ መግለጺ እቲ ዕድል ንተሳተፍቲ እኼባ ተኸፊቱ። ዝመጸ ሕቶታት ብዘዕግብ  ተመሊሱ። ዝቐረበ ርእይቶታን ለበዋታትን ካብ ተሳተፍቲ ብግቡእ ተመዝጊቡ።

**መደምደምታ፣** ዝተኻየደ ኣኼባ ንፖለቲካዊ ስራሕ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣገዳሲ መንጸፍ ክገብር ዝኽኣለ ኔሩ። ኣብ ከተማ ሊድስ ኣብ ውሽጢ እዚ ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመት ከባቢ ሽሕ ዝኾኑ ኤርትራውያን መንእስያት ንስርዓት ኣስመራ ራሕሪሖም ዝመጹ ዝነብሩሉ ቦታ ኢዩ።